ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ الحركة الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean Movement For Democratic Change

# መግለጺ ሓድነታዊ ምትሕንፋጽ

ኩሉ ግዜ ሓደ ዓመት ምስ ኣውንታውን ኣሉታውን ምዕባሌታቱ ተዛዚሙ ናብ ሓድሽ ዓመት ኣብ ንሰጋገረሉ ህሞት፡ ነፍሲ ወከፍ ደላዪ ለውጢ ትስፍው መጻኢ፡ ሰናይ ባህግታትን ሃንቐውታን ምትንባይ ንቡርን ባህርያዊ ጉዳይን'ዩ። ከምቲ ልሙድ ከኣ 2010 ተዛዚሙ፡ ምስ ምእታው ሓድሽ ዓመት 2011 ብርክት ዝበሉ ለውጥታትን ምዕባሌታትን ክንርኢ ምትንባይና ፍጹም ዝገርም ክውንነት ኣይነበረን። ኣብ መባእታዊ ሓድሽ ዓመት 2011 ከኣ እቲ ንነዊሕ ዓመታት ክብሩን ሓርነቱን መሰሉን ተመንዚዑ፡ ዘይተኣደነ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ውጽዓታት ከሕልፍ ዝተገደደ፡ ኣህዛብ ሰሜን ኣፍሪቓን ማ/ምብራቕን ጸረ ስድራ ቤታዊ ስርዓታት ብግብሪ ለይቲ ምስ መዓልቲ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፍታት ከካይድን ረዚን መስዋእትነት ክኸፍልን ተራእዩ። ብርግጽ ከኣ ትዕግስቱ ወዲኡ ንዝለዓል ቅልጽም ህዝቢ ፍጹም ዓጋቲ ከምዘይብሉ ዘረጋግጽ ቅጽበታዊ ነድሪ፡ ውጽኢቱ ንሰለስተ ስድራ ቤታዊ ስርዓታት፡ ቱንዝያን ግብጽን ሊብያን ክጸርግ እንከሎ፡ ሰውራታት ሶርያን የመንን ካልኦት ዝተደጎሉ ህዝባውያን ሕቶታት ክጎሃሃሩ ጌሩ ኣሎ።

እቲ ነዊሕ ዓመታት ዝወሰደ ኣዕናዊ ሕድሕድ ኲናት ሰሜንን ደቡብን ሱዳን ኣብቒዑ፡ ብህዝባዊ ውሳኔ (ረፈረንደም) ተዛዚሙ፡ ደቡብ ሱዳን ልዕላዊት ሃገር ኮይና ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ክትረኽብን ክልቲኡ ኣህዛብ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገሩ፡ ብሰላም ሕድሕድ ተኸባቢሩ ክነብርን ጽልውኡ ከኣ ንምርግጋጽ ዞባና ኣውንታዊ ተራ ክጻወት ትጽቢት ዝግበረሉ ውድዕነት ምፍጣሩ፡ ሓደ ካብቲ ናይዚ ዓመት'ዚ ኣገደስቲ ፍጻሜታት ክጥቀስ ዝከኣል'ዩ። 2011 ኣብ ሃገራውን ዞባውን ኣህጉራውን መዳይ ብርቱዕ ህዝባዊ ቃልስታትን ለውጥታትን ዝተራእየሉ ዓመት ኮይኑ ምዝዛሙ፡ ኣብ ኤርትራ ንኩሉ መልክዕ ምልክነትን ግበታን ህግደፍ ብምውጋድ፡ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ ከምንቃለስ ሓይልታት መጠን ነቲ ኣብዚ ዓመት'ዚ ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ዓለም ግሁድ ሓርነታዊ ፍጻሜታት ዘመዝገበ ኣህዛብ ሰናይ መጻኢ ክንምነየሉ ባህርያዊ ጉዳይ'ዩ።

ኣብ ፖሎቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ተመሊስና ምስ ንርኢ ከኣ፡ እቲ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ መተካእትኡ ሕብረ ሰልፋዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ንምህናጽ፡ ኩሉ-መዳያዊ ዓቕምታት መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምስማር፡ ሓደ ራእይን ኣንፈት ቃልስን ንምትሓዝ ዝተፈላለየ ጻዕርታት ክካየድ ምጽንሑ ዝፍለጥ'ዩ። ፍሬኡ ከኣ ክብርን ሓርነትን መሰልን ህዝብና ንምምላስ፡ ዝግበር ዘሎ ፍትሓውን ደሞክራስያውን ቃልስና ንምጥንካር፡ ኣብ ውሽጢ 2011 ካብ ዝተሓለፈ ዓበይቲ ፍጻሜታት ሓደ፡ እቲ ካብ 21-30 ሕዳር 2011 ዝተጋብአ ሃገራዊ ጉባኤን ዕውት ውጽኢቱን ከም ኣገዳሲ ክብያ ክጥቐስ ግድን ይኸውን። እቲ ካብ መላእ ኩርንዓት ዓለም ንኩሉ ፖሎቲካዊ፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ መልክዕን ብዙሕነትን ህዝብና ዘንጸባረቐ፡ ኣስታት 600 ዜጋታት ዘሳተፈ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ሓደ ኤርትራዊ መኣዲ ዘተን ልዝብን ከዕስል በቒዑ'ዩ። ኣብ ትሕቲ ሓደ ጥሙር ሓባራዊ ፖሎቲካዊ ቻርተርን ውሳኔታትን መሪሕነትን ንመላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝሓቖፈ ሰፊሕ ጽላል ኣውሒሱ ምውጽኡ ከኣ፡ ምስ ሕሉፍ ክውንነት ደምበ ተቓውሞ ብምዝማድ ክጥመት ከሎ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝባዊ ቃልስና ከም ሓድሽ ምዕራፍ ክምዝገብ ይከኣል።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብስንኪ'ቲ ኣብ ልዕሊ ጎረባብትን ስግረ ዶብ ሃገራትን ክኽተሎ ዝጸንሐ ተደጋጋሚ ኣዕናዊ ኲናትን ግብረ-ሽበራዊ ተግባራትን ብባይቶ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ልዕሊኡ ብቁጽሪ 1907 ዝተበየነ ማዕቐብ ንምትራሩ፡ ብቁጽሪ 2023 ዝተሓደሰሉ ግዜ'ውን ብ2011 ምዃኑ'ዩ። ስለዚ ነቲ ብወጽኢት ሃገራዊ ጉባኤ ዝተመስረተ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብምጥንካር፡ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ዘጋጥሞ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ኣህጉራውን ዞባውን ተነጽሎ ብክንድ'ቲ ዓቕምታትና ዘፍቕዶ መሊእና ክንጥቀመሉን ኣብ ረብሓ ቃልስና ከንውዕሎን ይግባእ።

ኣብ 2011 ዝተራእዩ ኩሎም ሃገራውን ዞባውን ኣህጉራውን ፖሎቲካዊ ምዕባሌታት ዛዚምና ናብ 2012 ተሰጋገርናሉ ኣብ ዘለና ህሞት ድማ፡ ከምቲ ልሙድ ብርክት ዝበሉ ለውጥታትን ምዕባሌታትን ብተስፋ ክንጽበ

ንቡርን ዘይተርፍ ባህግታትን'ዩ። ነዚ መሰረት ብምግባር ከኣ ኣብ መንጎ ክልተ ኣባላት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ዝኾኑ ፖሎቲካዊ ውድባት፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ንለውጢ)ን ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ምሕደራን ብቀጥታ ድሕሪ ምዝዛም ዕማም ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጥን ምስ ምእታው ሓድሽ ዓመት 2012ን ብዝጸንሐ ድልዱል ዝምድናታት ኣብ ዝተፈላለየ ኩርንዓትን ጽፍሕታትን ክልተ ወርሒ ዝወሰደ ዕቱብ ሃናጺ ዘተን ልዝብን ብምክያድ፡-

- ሰናይ መንፈስን ድልዱል ዝምድናታትን ምጽንሑ መሰረት ብምግባር፡
- ተመሳሳሊ ራእይ፡ ድሌትን ፖሎቲካዊ መደብ ዕዮን ምህላው ብምግንዛብ፡
- ኣብ ህልዊ ፖሎቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ሓባራዊ ገምጋምን ሚዛንን ብምህላው፡
- ሓድነት ኩሉ ግዜ ብመትከል ቅቡል ብምውሳድን ግብራዊ ክኸውን ብምእማንን፡
- ኣብ ክውንነት ኤርትራ ክንድ'ዚ ዝኣኽል ብዝሒ ውድባት ክህሉ ቅቡል ብዘይ ምውሳድ፡
- ጸቢብ ውልቓዊ ይኹን ውድባዊ ሕሳባት ልዕሊ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ከም ዘይስራዕ ብምእማን፡
- ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ብርሰት ንምድሓን ሓድነት ከም ኣገዳሲ መሳርሒ ዕዮ ብምእማን፡

ኣብ ምሉእ ሓድነታዊ ምትሕንፋጽ ምብጽሖም ከነበስር ከለና፡ ህዝብናን መላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጥን ነዚ ሰናይ ተበግሶ'ዚ ከም ብስራት 2012 ብምወሳድ፡ ብጸጋ ከም ዝቕበልዎ ንተኣማመን። ክልቲኡ ፖሎቲካዊ ውድባት ካብዚ ኣቐዲሙ ዝተጥቐሰ ጽኑዕ መንፈስን እምነታትን'ዚ ብምብጋስ፡ እዚ መግለጺ'ዚ ካብ ዝዘርግሓሉ ዘሎ ዕለት ኣትሒዙ ከኣ፡ ኩሉ መዳያዊ ፖሎቲካውን ሕጋውን መስርሕ ሓድነታዊ ምትሕንፋጽ ወዲኦም ሓደ ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝጽዋዕ 25 ኣባላት ማእከላይ ባይቶን 11 ኣባላት ፈጻሚ ኣካልን ዝሓቖፈ ስሙር ፖሎቲካዊ ውድብ መስሪቶም ንመላእ ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝያዳ ናህሪ ክህቡ ተበጊሶም ምህላዎም ደጊምና ነበስር። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ፡ ኩሎም እቶም ተመሳሳሊ ራእይን መትከልን ዘለዎም ፖሎቲካዊ ውድባት ኣብ ሓደ ሰሚሮም ኣድማዒ ዕዮ ክዓዩን ዕምሪ'ቲ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣሕጺሮም ተስፋ ህዝብና ንምምላስ ኣውንታዊ ተርኦም ክጻወቱን ንጽውዕ።

**ዓወት ንኩሉ ሓድነታዊ ተበግሶታት!!**
**ውድቀት ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ!!**
**ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና!!**

**ፈጻሚ ኣካል**
**ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ**
**01 የካቲት 2012**